# ልኡኽ ሕ/ሰብኣዊ ጉዳይ ቤት/ጽ ናይ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝርከብዎ ቦታታት ቀጻሊ ናይ ግብረ-ሰናይ ዑደቱ ኣካይዱ።

**ኣብ ወርሒ ሕዳር 2011 ልኡኽ ሕ/ሰብኣዊ ጉዳይ ቤት/ጽ ናይ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ መዓስከር ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝርከብዎ ቀጻሊ ናይ ግብረ-ሰናይ ዕደላ ንምክያድ ዑደቱ ከምዘካየደ ዝዝከር ኢዩ።**



**ቀጺሊ'ውን ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ብዕለት 11-12-2011 ነቲ ብምዑታት ደቅና መንእሰያት ኣባላት United4Eritrea ካብ ጀርመን ብውክልና ዶክተር ሩት ባህታ ሃ/ማርያምን ብሓድነት በርሀን ክሳዕ €800 (ሸሞንተ ሚእቲ ኢሮ) ዝተወፈየ፡ ንትሕቲ-ዕድመ ዝኾኑ ቆልዑ ንትምህርታዊ ጉዳያት ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ኣቕሑት ተገዚኦም ነዚ ጉዳይ ንምስላጥ ብውፉያት ብጾት ተቓለስቲ ብጾት ካሕሳይ የሕደጎን ኢያሱ በኹረጽዮንን ናብ መዓስከራት ዓዲ-ሓርሽን ማይዓይኒን ብምኻድ ንኩሎም ትሕቲ-ዕድመ ዝኾኑ ቆልዑ ዝበጽሐ ዕደላ ተኻይዱ። ኣብዚ ዕዶት'ዚ ብዝሒ ናይቶም ህጻውንቲ ልዕሊ 1500 ምንባሩ ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ።**





ነዚ ጒዕዞ'ዚ ዕዉት ዝገበሮ ጉዳይ ነቲ “2 ዑፍ ብሓንቲ እምኒ” ዝብሃል ብዕለት 10-12-2011 ኣብዚ መዓስከራት ስደተኛታት ምስ ዝርከቡ ኣካል-ስንኩላት ኣሕዋትና ብምርኻብ ስፍሕ ዝበለ ኣኼባ ብምክያድ ንውሕ ዝበለ ምይይጥ ምክያድናን ብዓቕሚ ናይቲ ዑደት'ውን ብመጠኑ ገለ ንዋታዊ ሓገዝ ስለዝተገብረ ዝለዓለ ሞራላዊ ምድግጋፍ ምቕሳምና ኢዩ።



ኣብ መወዳእታ እቶም ብተደጋጋሚ ነዚ ግብረ-ሰናይ ስራሓት'ዚ ከካይዱ ዝጸንሑን ዘለዉን ብጾት ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ እንተሃልዩ፡ ግብረ-ሰናይ ምስራሕ ንሽጉራት ምርዳእ ብዓቢኡ ክኸውን እንከሎ፡ ንሕልና ገባር-ሰናይ'ውን ሞራልን ኒሕን ዝህብ ስለዝኾነ፡ ንሽጉራት ኣካላት ሕብረተ-ሰብና ምሕጋዝ ኣቃሊልካ ዘይርኤ ሰናይ ተግባር'ዩ እሞ ሓደራኹም ንሽጉራትና በብዓቕምና ክንሕግዝ ብኽብሪ ንጽውዕ ይብሉ።

ሽግር ህዝብና ነቃልል በብዓቕምና!
ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ
ድምጺ ሰላምን ደሞክራስያን ኤርትራ
ታሕሳስ 2011